ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን تنظيم وحدة الإرتريين

ORGANIZATION OF ERITREAN UNITY

# ሓጺር ገምጋም ህሉው ኩነታት ስርዓት ህግደፍን ደምበ ተቓውሞን

## I. መእተዊ

ቀንዲ ዕላማ እዚ ጽሑፍ እዚ መሪሕነት ህግደፍ ከዐውቶም ዝደሊ ክልተ ኣጀንዳታት ብኣደናጋርን ተንኮለኛን ኣተሓሕዛ ሒዝዎም ዝጕዓዝ ዘሎ ሽርሕታት ምጥቃስን፣ ደምበ ፍትሒ ድማ ብኣድናጋርን ቀሻሽን ንጥፈታት ህግደፍ ተታሊሉ ንርእሱ ተበታቲኑ ኣብ መወዳእታ ድማ መሳርሒ መሪሕነት ህግደፍ ከይከውን፣ ንኩልና ኣተሓሳስባናን እምነታትናን ንኸመዓራሪ ዝሕግዝ ምኽሪ ሓሳብ ንምሃብ ክኸውን'ዩ። መጀመርያ መሪሕነት ህግደፍ ከረጋግጾም ዝቃለስ ዘሎ ክልተ ዕላማታት ኣለዉዎ፦ እቲ ሓደ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ከም ሓንቲ ሃገር ኲይና ናይ ሓባር መንግስቲ ክትተክል ግን ከኣ እሳያስ ምስ ደቂ-መዛሙርቱ ስልጣኑ ክዕቀበሉ ዝኽእል ኣገባብ ምርግጋጽ ክኸውን ከሎ፣ እዚ ክረጋገጽ እንተዘይክኢሉ ከኣ እቲ ካልኣይ ዕላማ፥ ኤርትራ ንበይና ክትጕዓዝ እንተ'ኹይና ድማ ስልጣን እቲ ጉጅለ ብኸመይ ውሑስ ይኸውን ዝብሉ እዮም። ኣብ መወዳእታ ንኤርትራ ኣዳኺምካ ርእሳ ከም ዘይትኽእል ኣረጋጊጽካ ዕላማ "ኣንድነት" ክዉን ንምትግባር ዝመልክቱ ሕጽር ዝበሉ ሓበረታታት ሓሳባትን ክጥቀሱ እዮም። ኣብ መደምደምታ ዝተሓላለኸ ኣጀንዳ ህግደፍ ዝፈጠሮም ሳዕበናት፣ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ፍልልያት ምኽሳቶምን፣ ገለ ካብ'ቶም ፍልልያት ኣብነታት ድሕሪ ምቕራብ ደምበ ፍትሒ ክጥንቀቐሎም ይግባእ ብምባል እዚ ጽሑፍ'ዚ ክዛዘም እዩ።

## II. ኣጀንዳታት ህግደፍ

ኤርትራ ብብዙሕ ጻዕርን ድኻምን መስዋእትን ክውንቲ ዝኾነት ሃገር'ያ። ካብ መጉበጥቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ነጻ ድሕሪ ምዃን ህዝባ ኩሉ መሰላት ተረጋጊጽሉ ከገልግሎ ዝኽእል ሃገራዊ ትካላት ክሃንጽን ልዕልና ሕጊ ተኸቲሉ ጾጥታኡ ኣውሒሱ፥ ሰላሙ ኣረጋጊጹ፥ ዝመርሖ መንግስቲ ክቕውም ዕድል ኣይረኸበን። ብኣንጻሩ እቲ ባዕሉ ኣብ ስልጣን ዝተወጠሐ ወተሃደራዊ ጉጅለ፣ ናይ ህዝቢ ጠለብ ዘይምልስ ብኣንጻሩ ዘነኣእስ ካልእ መኣዝን ወሲዱ ይርከብ። መሪሕነት ህግደፍ ክልተ ዓበይቲ ግን ከኣ ነንበይኖም ዝመስሉ ኣጀንዳታት ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ሓደ ዕላማ ዝጠመቱ ሒዙ ተበጊሱ ለመም ይብል ኣሎ። እቶም ክልተ ዕላማታት እምበኣር፦

**1. ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ከም ሓንቲ ሃገር ኲይና ናይ ሓባር መንግስቲ ክትተክል ግን ከኣ እሳያስ ስልጣኑ ክዕቀበሉ ዝኽእል ኩነታትን ኣገባብን ምርግጋጽ፣**

**2. ኤርትራ ንበይና ክትጕዓዝ እንተ'ኹይና ድማ ስልጣን እቲ ጉጅለ ብኸመይ ውሑስ ይኸውን፣ ከም ሃገር ከኣ ብቕዕቲ ንኸይትኸውንን ምስራሕ ክኹኑ ከለዉ፣ ምስ እዚ ኣተሓሒዝና ደምበ ፍትሒ'ኸ ብኸመይ ይጽሎ ዝብል እዚ ዝሰዕብ ነጥቢ ጽሑፍና ኲይኑ፣ እቲ ሳልሳይ ነጥቢ እዚ ጽሑፍ፦**

**3. እዞም ክልተ ዕላማታት እዚኦቶም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝፈጠርዎ ዘይምርድዳእ ክንርኢ ኢና።**

እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ዕላማታት ጉጅለ ህግደፍ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ባህግን ድልየትን ኣይኮኑን። ብኣንጻሩ እቲ ምሉእ ሂወቱ ጉዳይ ህዝቢ ሒዙ ግን ብምስጢርን ስዉር መገድን ዝንቀሳቐስ ጉጅለ እሳያስ፣ ድሕሪ ምውዳቕ ስርዓት ደርግ (ደርጊ) ነዘን ልዕል ኢለን ተጠቒሰን ዘለዋ ቀዳሞት ክልተ ዕላማታት ከረጋግጽ ክሳብ እዚ ውግእ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝፍጸም ክጕዓዝ ጸኒሑ እዩ። ምስ ህዝቢ ኤርትራን ኣህዛብ ጐረባብቲ ሃገራትን ከራጽሞ ዝጸንሐን ዘሎን ጉዳይ ድማ ቀዳማይ ንዓቕምን ብቕዓት ህዝቢ ኤርትራ ንምድኻም እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ዝያዳ ንምብራህ ጭቡጣት መርትዖታት እናኣቕረብና ነዘን ዝተጠቕሳ ነጥብታት በብሓደ ንርኣየን።

## 1. ***ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሓቖፈ ሓባራዊ መንግስቲ ብዛዕባ ምቛም ዝምልከት***:-

***ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ከም ሓንቲ ሃገር ኲይነን ናይ ሓባር መንግስቲ ክትከል ግን ከኣ እሳያስ ዝመርሖ ውሑድ ጉጅለ ስልጣኑ ዝዕቁበሉ ኣገባብ ከረጋግጽ፣ መራሕቲ ህግደፍ ላዕልን ታሕትን ክብሉ ጸኒሖም እዮም። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ካበይ ዝመጽአ እዩ እንተተባህለ፣ ርሑቕ ከይከድና ብመሰረቱ እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ናይ "ኣንድነት" ኣተሓሳስባ ምዃኑ ብዘየወላውል መልክዑ ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ "ኣንድነት" ዝብል ኣምር ጌና ምሳና ዘሎ ኣተሓሳስባ እዩ። ብምዃኑ እቶም በብግዚኡ በለቕ በለቕ እናበሉ ምስ ኢትዮጵያ ይሕሸና ዝብሉ ንሰምዖም ፕሮፓጋንዳታት ገዲፍና፣ እዚ ድልየትን ሓሳብን እዚ ምሳና ከም ዘሎ ዘረጋግጹ ብርክት ዝበሉ ሓበረታታት ስለ ዘለዉ ካብኣቶም ገለ ምጥቃስ ኣገዳሲ ይኸውን።***

***ሀ. ናይ ኢትዮጵያውያን ምንጭታት***[1]:- ***ዝተፈላለዩ ኢትዮጵያውያን ከም እንዳርጋቸው ጽጌ፡ ለንጮ ለታ፡ ሻለቃ ዳዊት ወልደጊዮጊስ፡ ስብሓት ነጋ፡ ወዘተ በብወገኖም መራሒ ህግደፍ እሳያስ ነጻ ኤርትራ ክትቀውም ይደሊ ከም ዘይነበረ ይሕብሩ። ኲሎም ከም ዝብልዎ እንተኾይኑ ድማ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ከይትኸውን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት መሪሕነት ወያነ ከም ዝዓንቀጽዎ የመልክቱ። ብዓይኒ እሳያስን መማኽርቱን እምበኣር ወያኔ ብኽልተ ምኽንያታት ከም ዓንቃፊ ኣካል ተራእዩ ኣብ ዕላማ*** (target) ***መሪሕነት ህግደፍ ከም ዝኣተወ ፍሉጥ እዩ። ወያነ ኣብ ዕላማ*** (target) ***ዝኣተወሉ ምኽንያቱ በቲ ሓደ ናይ ሓባር መንግስቲ ኣብ ምቛም ብምዕንቃፎም በቲ ካልእ ድማ ብህዝቢ ኤርትራ ከም ተሓለቕቲ ነጻነት ኤርትራ ንኸይረኣዩ፣ ጉጅለ እሳያስ ናይ ዕግርግርን ናይ ጽልኢ ትረኻታትን እናፈጠረ፣ ወያነ ናይ እሳያስ ሕልሚ ዝጸብኡ ዘይኰነስ ከም ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ከቕርቦም ጸኒሑ እዩ። ተዓዊትሉ ከኣ። ሎሚ ዝኾነ ይነጥፍ እየ ዝብል ወያነ ዝብል ኣምር ንሰባት መሸማቐቒ ከም መጽረይ ኣፉ ገይርዎ ኣሎ። ብጌጋ ከይንረዳዳእ ወያነ ጌጋታት ኣይነበሮን ማለት ኣይኰነን። ድሕሪ*** 1991 ***ዓ. ም. ብፍላይ ብጉዳይ ኤርትራ ክሳብ ክንድዚ ዝተጋነነ ናይ ህግደፍ ትረኻ ግን ኣይኰነን።***

***ለ. ናይ ኤርትራውያን ምንጭታት***[2]:- ***ብሸነኽ ኤርትራውያን እንተኾነ'ውን ዝጥቀሱ ሓበረታታት ኣለዉ። ህዝባዊ ሓይልታት፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ክሳብ ህግደፍ ትምስረት ኣብ ዝለዓለ ሓላፍነት ዝነበረ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ዝሃቦ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሓበረታ ኣሎ። ናይ ሎሚ መራሕ ጁንታ ህግደፍ ዝኾነ እሳያስ ኣፈወርቂ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ሓባር መንግስቲ ክንምስርት ይሓቱና ኣለዉ ኢሉ ከም ዘተንብሃሎም ኣቶ መስፍን ሓጎስ ወስ ኣቢሉ ነይሩ እዩ። ሕጂ ድማ ብመጽሓፍ ደረጃ ሰፊሕ ዝበለ መብርሂ ሂቡሉ ከም ዘሎ ይፍለጥ። ኣብዚ እውን እቶም እሳያስ ዘማኽሮም ብዘይሓደ ነግ-ፈረግ ሕራይ ዘይምባሎም ከም ጸላእቲ ተራእዮም ማለት'ዩ። ብዙሓት ካብኣቶም ድማ ተኣሲሮም፡ ተሰዲዶም፡ ተቐቲሎም እዮም። ብፍላይ ኣብዞም ናይ መጨረስታ ብጉጅለ*** 15 ***ዝፍለጡ ብምኽንያት ወያነ ከም ዝተሓየሩ ዝሓለፍናዮ ሓቂ እዩ። እዚ ዝተገበረሉ ምኽንያት እቲ ኣብ እዋኑ ሓያል ዝነበረ ግን ከኣ ዝተሳዕረ ናይ "ኣንድነት" መደብ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ምዃኑ ዘካትዕ ጉዳይ ኣይኰነ። እሳያስ ዝመርሖ ጉጅለ ድማ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት እዛ ዕላማ እዚኣ ከረጋግጸ ድቃስ ስኢኑ ከም ዘሎ ክበርሃልና ይግባእ።***

## 2. ***ኤርትራ ንበይና ነጻ ሃገር ብዛዕባ ምቛም ዝምልከት፡-***

***ናይ ክልቲኡ ሃገራት ናይ ሓባር መንግስቲ ኣብ ትሕቲ ጉጅለ እሳያስ እንተ ዘይተመስሪቱ፣ እሞ ኸኣ ኤርትራ ንበይና ሃገር ኲይና ክትጉዓዝ እንተኾይና ድማ ስልጣን እቲ ጉጅለ ብኸመይ ውሑስ ይኸውን ዝብል ነጥቢ ንመራሕቲ ህግደፍ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነይሩ። ንግዜኡ ናይ "ኣንድነት" ሕልሚ ይተዓንቀፍ እምበር ገና ኣሎ። ስለ ዝኾነ ኤርትራ ከም ሃገር ርእሳ ክኢላ ከይትሰስን፣ ብኣንጻሩ ድኽምቲ ኲይና ናብ "ኣዲኣ ኢትዮጵያ" ክትምለስ ጌና ብስዉር ክሰራሕ ነይርዎ። ሕልሚ ኤርትራ ዝብርዕን ድማ እዚ ጉጅለ እዚ ኣብ ስልጣን ምስ ዝህሉ ጥራሕ'ዩ እዩ። እቲ ዝድለ ዝሰራሕ ስራሕ ከኣ ከምዚ እዩ። እቶም ኣብ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበሩ እሞ ድማ ዘጥፍኦም፡ ኣፈራሪሑ ዝመለኾም፡ ኣስሊሉ ናቱ ዝገበሮምን ዘድኮሞምን መዛንኡ ንስልጣኑ ጸገም ክኾንዎ ከም ዘይክእሉ እሳያስ ጽቡቕ ገይሩ ኣረጋጊጹ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ወላ እኳ ገለ ፈተናታት እንተነበሩ ከመይ ገይሩ ከም ዝቘጸዮም ዝሓለፍናዮ ጉድ እዩ። ስለዚ ኤርትራ***

---

[1] እዞም ዝተጠቕሱ ኢትዮጵያውያን (እንዳርጋቸው ጽጌ፡ ለንጮ ለታ፡ ሻለቃ ዳዊት ወልደጊዮጊስ፡ ስብሓት ነጋ፡ ወዘተ) ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዝበልዎ ኣብ YouTube ኣሎ።

[2] ብዛዕባ ድሕሪ ምውዳቕ ስርዓት ደርግ ናይ ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ናይ ሓባር መንግስቲ ምቛም ዝብል ሓሳብ ብእሳያስ ከም ዝቐረበ ዝርዝር ብዝበለ መልክዑ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ኣቕሪብዎ ይርከብ።

ከም ቃሕ ዝበሎ ክገብራን ንህዝቢ ኤርትራ ድማ ናቱ ኣገልጋሊ ክገብሮ እንተኾይኑ ኣብ ጎረርኡ ደው ዝብል ከም ቁርን ኣሰሓይታን ዝፈርሖ ሓደ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ነይሩ። ንሱ ከኣ እቲ ህግደፍ ዘይጸለዎ፡ ዘየፈራርሖ፡ ሓዲሽ ሓሳባት ዘለዎ፡ ንኽፈልጥ ባህጊ ዘለዎ፡ ንመጻኢኡ ዝጥምት ንኡስ ወለዶ ኤርትራዊ እዩ ነይሩ።

መሪሕነት ጁንታ ህግደፍ ናይ "ኣንድነት" ዕላማ ከረጋግጽ እንተኾይኑ፣ ነቶም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ዕላማታት ማዕረ-ማዕረ ከካይዶም ኣለዎ። በቲ ሓደ ንወያነ ከም ዓንቃፊኡ ስለ ዝርእዮ ከጥፍኦ ጥራሕ እዩ ነይርዎ። ብኽመይ ዝብል ሕቶ ንመልከት። ወያነ ኣብ ናይ 17 ዓመታት ጉዕዞ ቃልሶምን ድሕሪኡን ዝፈጠርዎም ኢትዮጵያውያን ዝኾኑ ጸላእቲ፣ መሪሕነት ጁንታ ህግደፍ ሃሰሰ ኢሉ ኣኻኺቡ ከወሃህድ ጸኒሑ። ንኣብ ባይታ ዝንቀሳቐሱ ብግቡእ እናመወለ፣ ንከም **እሳት** ዝበሃል ናይ ዜና ማዕከን እናሓገዘ ንኣስታት 20 ዓመታት ተቓሊሱ እዩ። በቲ ካልእ ድማ ንሃገረ ኤርትራ ብኩሉ ሸነኻ ኣዳኺሙ ብቕዕቲ ርእሳ እትኽእል ሃገር ንኸይትኸውን ጁንታ መሪሕነት ህግደፍ ምቅላስ ከም ዝመረጸ ናይ ዝሓለፉ ልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ተግባራቱ ብጭቡጥ ኣረጋጊጾም እዮም። ኣብዘን ዝተጠቕሳ ዓመታት፡-

**ሀ. ፖለቲካ፡-** ፖለቲካ ኤርትራ ናይ ዝተወሰኑ ባእታታት ዕማም እምበር ናይ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘይከውን ተቓሊሱ። ኣብ 1966 ዝጸደቐ ኣህጉራዊ ውዑላት ዝጠሓሰ ሰብኣውን ፖለቲካውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ግሂሱ። ህዝቢ ኤርትራ ማሕበራዊ ውዑል ዝበሃል ከም ዘይህልዎ ገይሩ። ሃገር ቅዋም ዘይብላ ጥራሕ ዘይኮነስ ዝኾነ ልዕልና ሕጊ ከም ዘይረጋገጽ ምግባር ንኣማኢት ዓመታት ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ባህላዊ ሕግታት (ሕገ-እንዳባ) ከም ዘይሰርሕ ገይሩ፣ ኤርትራ ብውልቃዊ ኣዋጃት እሳያስ ከም ትመሓደር ኰነት። ነዚ ክቋወሙ ዝፈተኑ ግዳያት ኣደዳ ማሕዩር፡ መጭወይቲ፡ መቕተልቲ፡ ስደት ወዘተ ዝኾኑ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ምዃኖም እነሕልፎ ዘለና ሓቂ ኰይኑ ኣሎ።

**ለ. ቁጠባ፡-** ኩሎም መባእታዊ መሰረታትን ባእታታትን ቁጠባ ዝኾኑ ጸጋታት ብመሪሕነት ህግደፍ ተሃጊሮም። ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ሃገር ካብ ኢድካ ናብ ኣፍካ እንተዘይኰይኑ ቁጠባ ዝበሃል ኣሎ ኢልካ ክዝረብ ኣይክኣልን፣ እዚ ቁጠባ ድዩ፧ እቶም ኩሎም ዝነበሩ ናይ ቁጠባ ትካላት በብሓደ ደጋጊሙ እናዘርዘረ እሳያስ ኣበይ ኣለዉ ክብል ኩሉ ግዜ ንሰምዖ ኣለና። ናይ'ዚ ኩሉ እሳያስ እናዘርዘረ ዝዛረበሎም ዘሎ ናይ ቁጠባ ትካላት ትርጉሙ ኤርትራ ርእሳ ትኽእል ሃገር ኣይኰነትን ንምባል ኢሉ ዘምጽኦ ዘሎ መጕተ ምዃኑ ንምግንዛቡ ኣየሸግርን።

**ሐ. ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት፡-** ከም ዝፍለጥ ጉጅለ ህግደፍ ባህልታትን ክብርታትን ህዝብና ብድፍረት በታቲንዎ ይርከብ፣ ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ንመፈላለዪ ተጠቒምሉ። ንህዝቢ ዘገልግል ትሕተ ቅርጻ ትረፍዶ ሓደሽቲ ክሃንጽ ዝነበረ ከም ዝበርስ ገይርዎ ኣሎ። ትምህርትን ናይ ትምህርቲ ጽርየትን ከም ዘንቈልቍል ኰይኑ። ትረፍዶ ክሃንጽ እታ ዝነበረት እንኮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ'ውን ከይተረፈ ዓጽዩዋ ይርከብ። ብቑዕ ናይ ክንክን ጥዕና ትካል ከም ዘይህሉ ገበረ። እታ መሰረት ሕብረተ-ሰብ ዝኾነት ስድራ-ቤት ባህሪያዊ ስራሓት ከይትፍጽን በታቲንዋ ኣሎ። ካብ'ዚ ስራሕ'ዚ ዝፍጠር ማሕበራዊ ነውጺ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይመስለናን።

**መ. ዲፕሎማሲ፡-** መሪሕነት ህግደፍ ምስ ጐረባብቲ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ኣህዛብ ብሰላም ምንባር ዘይፈልጥ ጉጅለ እዩ። ብዘይካ ናይ ውግእ ዲፕሎማሲ ካልእ ኣይፈልጥን እዩ። እዚ ተኸቲሉ ህግደፍ ምስ ኩለን ጐረባብቲ ሃገራት ውግእ ብምውላዕ እልቢ ዘይብሎም ዜጋታት ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ መንእሰያት ከም ዝጠፍኡ ገይሩ'ሎ። ብዙሓት በዚ ዝታለሉ ኣለዉ። ልዑላውነት ሃገር ንምክልኻል እዩ ገይርዎ ኢሎም ዝኣምኑ ውሑዳት ኣይኰኑን።

ብካልእ ኣበሃህላ ነቲ ዝፈርሖ ንኡስ ወለዶ ኤርትራ ክበታትንን ከጥፍእን፣ ነቲ ዘይኣምነሉ ልዑላውነት ኤርትራ ከም ጭርሖ ተጠቒሙ ብስም ልዑላውነት ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንመንእሰይ ድማ ብፍላይ ኣብ ዘይፍትሓዊ ውግኣት ናይ ምጽማድ ስራሕ ከካይድ ነይርዎ። ኣካይዱ ከኣ። ***በዚ ምኽንያት እዚ ነቲ ናይ ኢትዮጵያ ስልጣን ከይረክብ ዓቢ ዕንቅፋት ኰይኑኒ ዝበሎ ደምኛ ጸላእን (ወያነ)፡ ነቲ ብመሰረቱ ክቈጻጸሮ ኣይክእልን እየ ዝበሎ መንእሰይ ወለዶ ኤርትራን ከዋድኦም መዲቡን ኣፈጺምዎን ከኣ ኣሎ።***

ዝበዝሕ መንእሰይ ወለዶ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ንኤርትራ ናብ ጥፍኣት ዝመርሕ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ከምኡ'ውን ዲፕሎምስያዊ ፖሊሲታት ጃንዳ መሪሕነት ህግደፍ ነጺጉ ዝፈትዋ ሃገሩ ጠንጢኑ ከም ዝባረር ኰይኑ'ሎ። እቲ ዶብ ክሰግር ዝተረኽበ ንምቕታል ተኩሰሉ ገዲፍና፣ ህግደፍ ካልእ ወፈራታትን ታህዲታትን ከይተረፈ ክገብረሉ ጸኒሑ። እኳ ደኣ "ኣንዊሕካ ዝኣሰርካያ ደርሆስ ዝተፈትሐት ይመስላ"፣ ኣብ ናይ ባሕሪ ምጥሓል ጸገም ኣብ ዘጓነፈሉ ከም ዜጋታት ኤርትራ ዘይኰነስ ከም ገለ ኣፍሪቃውያን ዘይምልከትዎ ገይሩ ክገልጾም ጸኒሑን ኣሎን። ኤርትራውያን ኣብ ሊብያ ወይ ካልእ ኣፍሪቃ ሃገራት ጸገም ኣጓኒፍዎም እንተሰምዐ እንታይ ክገብሩ ናብኡ ከይዶም ኢሉ ብምስትንዓቕ ክገልጾ ይሰማዕ። ካልእ ምዕራባውያን ሃገራት ብዘተሃራርፍ ኣገባብ የስድዕኦም ኣለዋ፣ ወዘተ እናበለ

ድሕሪ ምሕጫጭ፣ መንእሰያት ኣብ ከዕርፍሉ ዝኽእሉ ሃገራት ምስ በጽሑ ድማ ጌጋታት ከም ዝገበሩ ኣሚኖም ይቕረታ ሓቲቶም ናይ ጣዕሳ ወረቓት ክመልኡ ከም ዘለዎምን ኣብ ናይ ህግደፍ ናይ እቶት ምንጪ መስርሕ ብምትዕሽሻው ክጸምዶም ወዘተ ፈተነታት ክገብር ጸኒሑ እዩ።
በዚ ምኽንያት እዚ መሪሕነት ህግደፍ ንኤርትራ ምህናጽ ዘይኩነስ ብመደብ ናይ ምፍራሳ ዝግበር ዝነበረ ስራሓት ብመጠኑ ተዓዊትሉ እዩ ክበሃል ይከኣል። ነቲ ነዊሕ ራእይ (ሕልሚ) ዝነበሮ ህዝቢ ኤርትራ ዓንቀፎ፡ ንሰብኣዊ ጉልበት ህዝቡ በታተኖ፡ ኣሳቐዮ፡ ንክብርታቱ ደፈሮ። እንተኾነ ግን ሕልሚ "ኣንድነት" ጌና ስለ ዘሎ ክረጋገጽ እንተኾይኑ እቲ ማዕረ-ማዕረ ሃገርነት ኤርትራ ክረጋግጽ ዝኽእል እሞ ዕንቅፋት ን"ኣንድነት" ዝኾነ፣ ወያነ ዝበሃል ትካል ድማ ብዓይኒ እሳያስ ንሕልሚ "ኣንድነት" ዝዕንቅፍ ካብ ሓይልታት ኢትዮጵያ ምጥርናፍን ምምዋልን ገለ ተግባራዊ ስራሓት ክግበር ነይርዎ። መዓልቱ ከኣ ይጽበ ነይሩ።
መሪሕነት ህግደፍ ከወሃህዶን ክምውሎን ዝጸንሐ ሓይሊ፣ ዝበረኸ ሓይሉ ደሊቡ ኣብ ኢትዮጵያ ለውጢ ክኽሰት ተኻኢሉ። ድሕሪዚ ንዝተገበረሉ ናይ ሰላም ዕድመ ኣመኽንዩ ክዛረብ ከሎ ብመልክዕ ፈኸራ "ወያነ ካብ ጸወታ ወጺኣ" ኢሉ መራሕ ህግደፍ ጨሪሑ። ቀጺሉ ኣብ ማእከል ኣስመራ "ተደምረናል" ዝብል ጭርሖ ኣሰኪሙ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ሰለማዊ ሰልፊ ከም ዝካየድ ኣግቢሩ። ወሲኹ ነቲ ኩሉ ዝተሰውኣን ዝሰንከለን ብውግእ ዝፈረሰ ንብረትን ኣብ ግምት ስለ ዘየእትዎ "ዝጠፍኣና የብልናን፡ ኣይከሰርናን" ክብል ተዛሪቡ[3]። ብተወሳኺ ነቲ ምእንትኡ ኣሽሓት መንእሰያት ዝተሰውኡሉን ዝሰንከሉሉን ሕቶ ዶብ ድማ "ሎሚ ብዛዕባ ዶብ ዝዛረብ ሰላም ዘይደሊ እዩ" በለ። ኣተሓሒዙ ክልተ ህዝቢ ኢና ዝብል ታሪኽ ዘይፈልጥ እዩ ከኣ ወሰኸሉ[4]። እሞ ካብዚ ንላዕሊ መርኣያ ድልየት "ኣንድነት" እንታይ ኣሎ፧
መራሕ ጉጅለ ህግደፍ ንኤርትራዊ ሃገራውነት ኣድኪሙ ኣብ ውሽጢ ጉዳይ ኢትዮጵያ ክኣቱ ምኽኣሉ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ክግለጾ ጸኒሑ እዩ። ስለዚ ህግደፍ ብኣንድነት ገይሩ ኢትዮጵያ ንኽይቈጻጸር ወያነ ዓንቂፉኒ ኢሉ ስለ ዝኣምን፣ ሕነ ክፈዲ መደብ ስለ ዝሓዘ፣ ነቲ ልዑላውነት ሃገር ክሕሉ ብልቡ ዝኣምን መንእሰይ ብምትላል፣ ኣብ ሃገር ዝተረፈ መንእሰይ እውን ኣብ ዘይምልከቶ ናይ ውግእ ሓዊ ብምጥባስ ከሳቕዮን ከዳቕቖን ከም ዝጸንሐ ዝዝከር ኩይኑ፣ ነቶም ናብ ስደት ዘምርሑ መንእሰያት በቲ ሓደ ከም ከዳዓትን ጸረ-ሃገርን ክቖርቦም በቲ ካልእ ድማ ንዘካየዱ ናይ ቂምታ መዋጽኢ ውግእ ሃገር ይከላኸል ከም ዘሎ ከምስልን ቅኑዕነት ከልብሶን ብምሕሳብ መጠነ ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ጽልእን ሓሶትን ፕሮፖጋንዳ ክነዝሕ ተዋፊረ።
ኣብዚ ክንግንዘቦ ዝግባእ ነገር ኣሎ። ንመንእሰይ ሃገሩ ገዲፉ ንኽስደድ መሰረታዊ ጠንቂ ኩይኑ ከብቅዕ፣ ህግደፍ እንደገና ገለ ሓላፍነት ዘይስምዖም ባእታታት ብምውፋር ሕልናን ሞራልን መንእሰያት ንምስባር ከም ዝተዋፈረ ይፍለጥ። ህግደፍ በዚ ባህሪ እዚ እዩ ዝፍለጥ። ብካልእ ወገን ድማ ካብ ሃገር ዝስደዱ ዝነበሩ ኣብ ደገ ድምጾም ክሰምዑ ይርኣዩ ነይሮም እዮም። ብምኽኣሉ ብርክት ዝበሉ ህዝባዊ ምልዕዓላትን ወፍርታትን ተገይሮም እዮም። እዞም መንእሰያት ብብዝሒ ምስ መጽኡ ግን ምልዕዓላት ብዝያዳ እናደንፍዐን እናንሃረን ክመጽእ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ። ምልዕዓላት ጥራሕ ዘይኩነስ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝፍጸሙ ዝነበሩን ዘለዉን ግህሰት ኣድማሳዊ ሰብኣዊ መሰላት ምንጪታት ኩይኖም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ግፍዕታት ንዓለም ከም ዝቃላሕ ገይሮም እዮም።
ናይ እዚ እዋን እዚ ወፍሪ "ብርጌድ ንሓመዱ" እምበኣር ክሳብ ሕጂ ውጽኢት ናይ'ዚ ሰራም መደብ ጃንዳ ህግደፍ ምኽኣሉ ብዘየወላውል መገዲ በሪሁ ክኽውን ተሰፋ ንገብር። ተግባራት ህግደፍ ብጥንቁቕ ተመልኪትካ ክርአ ከሎ እዚ ባህሪያዊ ናይ ህዝባዊ ቁጥዐን ነድርን ምኽኣሉ ክንግንዘብ ይግብኣና። ኤርትራዊ ሃገራዊ ተበግሶ ምኽኣሉ ገለ ዘይበርሃሎም እንተኣለዉ ከነዘኻኽር ድማ ግቡእና እዩ። ጌጋታት፡ ሕጽረታት፡ ኣለዎዶ፧ እወ ኣለዎ። መንከ ዘይብሉ፧ ግን ንምእራሙን ምምዕርራዩን ምቅላስ ከም ዘድሊ ፍሉጥን ውሁብን ገርና ንውሰዶ።

## III. መርገጻት ተቓውሞ

---

[3] እሳያስ ኣፈወርቂ ሂወቱ ምሉእ ዝጽበዮ ዝነበረ ዝረኸበ መሲልዎ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ኩሉ ዝኸሰረ ህዝቢ ኤርትራ ኩይኑ ብንዕቀት ዝበሎ እዩ።
[4] እዞም ዘረባታት (ሕቶ ዶን ዘልዕል፡ ክልተ ኣህዛብ ኢና ዝብል ታሪኽ ዘይፈልጥ'ዩ) እዚኣቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከይዱ ብሓጎስ ኣፍልቡ እናሃረመ ዝበሎ ምኽኣሉ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ።

ብሕጽር ዝበለ መገዲ ጥበባትን ተንኮላትን ክትዓትን ህግደፍ ርኢናዮ። እዚ ከምዚ እንዳኰነ ከሎ፣ ኣብ ደምበ ተቓውሞ'ኸ እንታይ ኣሎ፧ ዝብል ሕቶ ክለዓል ባህሪያዊ ስለ ዝኾነ ገለ ነጥብታት ምጥቃስ ኣድላዪ እዩ። ድሕሪ'ዚ ናይ መወዳእታ ውግእ ሕድሕድ ጸረ-ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ህግደፍ ብዝገብሮም ወስታታት ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ፍልይ ዝበሉ ተርእዮታት ንዕዘብ ኣለና። ርግጽ እዩ ዘበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ ንምንቅስቓስ "ብርጌድ ንሓመዱ" ዝድግፍ እዩ ክንብል ንደፍር። ይኹን እምበር ንዕዘቦም ዘለና ተርእዮታት ድማ ነዚ ሃገራዊ ተበግሶ መንእሰያት እዚ ገሊኦም ናታቶም ጥራሕ ክገብርዎ ዝፍትኑ ክህልዉ ከለዉ፣ ገሊኦም ከኣ ከም ዘይናቶም ከርሕቕዎን ከነኣእስዎን ብዘይኤርትራዊ ዝኾነ ብናይ ወጻኢ ሓይሊ ዝምራሕ ገይሮም ብናይ ህግደፍ ቃና ክገልጽዎ ይስትውዓል ኣሎ። እስከ በብተራ ንመልከቶም።

1. **ብርጌድ ንሓመዱ ናትና ጥራሕ እዩ ዝብል ቃና ዝዘርግሑ** - እቶም "ብርጌድ ንሓመዱ" ህዝባዊ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ዘይኰነስ ናይ በይኖም ጥራሕ፡ ክገብርዎ ዝፍትኑ ብዘይክኦም ክሰርሕ ከም ዘይክእል ኑብሶም ዘእመኑ ኣለዉ። ነዚኣቶም ብኸመይ ንፈልጦምን ነለልዮምን፧ ዝብል ሕቶ ንርአ። ብመጀመርያ ክፍለጥ ዘለዎ ነንሕድሕዶም ዝጋጨዉን ዝተሓዋወሱን ዝመስሉ ሓሳባት የቕርቡ። ከም ንኣብነት

ሀ. ትርጉሙን ትሕዝትኡን ኣበየናይ ግዜ ይነብሩ ነይሮም፡ ነየናይ ኣካል ናይ ሎሚ ህዝብና ይምልከት ብግቡእ ከይመርመሩን ከይተረድኡን ***ኣግኣዝያን*** ኢና ብምባል ጸረ-ሓደ እምነት ዘተኰረ ዝመስል ድፍረት ዝመግለጺኡ ክውርውሩ ይርኣዩ ኣለዉ። እዚኦም "ብርጌድ ንሓመዱ" ናትና ጥራሕ እዩ ዝብል ምልክት ከርእዩ ላዕልን ታሕትን ክብሉ ኣብ ትዕዝብቲ ኣትዮም ኣለዉ። ምናልባት ንኣታቶም ይመስሎም ይኸውን እምበር፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ እዚ ሕቶ'ዚ ምዓል ንህዝቢ ይፈላልዩ ከም ዘለዉ ይጠፍኦም እዩ ኣይንብልን። ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዝጻባእ ምኻኑ ክበርሃሎም ይግባእ። ይኹኑ እምበር ኣዝዮም ውሑዳትን ክሳብ ክንድዚ ጽልዋ ከሕድሩ ዝኽእሉን ኣይኰኑን።

ለ. ኤርትራ ዝብል ጸላኢና እዩ ዝብሉ - እዚኦም ምናልባት ምስ ኣግኣዝያን ዝተተሓሓዙ ክኾኑ ይኽእሉ። ኤርትራ ዝብል ስም ዝጸየፉ ኣካላት እዮም። ንሃገራውነት ኤርትራ ከህስሱ "ኤርትራ ዝብል ስም ንዓና ዝምጥን ኣይኰነን፡ ብጥልያን ዝተዋህበ እዩ፡ ወዘተ ብምባል ይልለዩ። ርግጽ እዩ ስም ብጥልያን ዝተዋህበ እዩ። ግን እዚ ኣበሃህላ እዚ ስለምንታይ እዩ ንኤርትራውያን ሓራም ንኢትዮጵያውያን ሓላል ዝኸውን፧ ካልእ ኣብ ግምት ክውሰድ ዝከኣል ብዛዕባ ስም ኩልኻ ተረዳዲእካ ክግበር ዝከኣል ጉዳይ እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ'ውን ተራእዩ እዩ። እዚ ክልዓል እንተኾይኑ ግን ብመሰረቱ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ጉዳይ እዩ። ናይ ሕጂ ኣጀንዳ ግን ኣይኰነን።

ክፍለጥ ዘለዎ ግን እዚ ኣበሃህላ እዚ ነቲ ብዓለም ቅቡል ዝኾነ ንኤርትራ ልዑላዊት ሃገር ክገብራ ዝኽእል ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ረቛሕቲ ዝኾነ - ዶብ ክሃርም ዝኽእል ሓሳብ ክዘርግሑ ንዕዘብ ኣለና። ብፍላይ ኣብ ኣፍሪቃ ሕቶ ዶብ ዝተገበረ ብናይ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ብምኻኑ ነሕዋት ዝኾኑ ኣህዛብ ኣብ ክልተ ሰለስተ ጉዛዚይዎም ይርከብ። ኣህጉራዊ ውዑላትን ስምምዓትን ከኣ ተቐቢለን ኣካል ኣህጉራዊ ሕግታት ኰይኑ እዩ። እዚ እናተፈለጠ ከሎ ካልእ ትርጉም ክህብ ዝኽእል ዘረባታት ይስማዕ እዩ። እዚ ከምዚ ዝብል ዘረባታት ቅኑዕ እዩ እንተተባሂሉ ድማ ነቲ እሳያስ ብንጉህኡ ከተግብሮ ዝወፈረሉ ኣጀንዳ "ኣንድነት" ዝድግፍ ኰይኑ እዩ ዝርከብ። ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ንቃወሞ ኢና እኳ ይበሉ እምበር፣ ይፍተዉ ይጽልኡ ንመደብ እሳያስ የገልግሉ ከም ዘለዉ ክበርሃሎም ይግባእ።

ሐ. ትግራዋይ እየ ዝብል ኣበሃህላ - ትግራይ ዝበሃል ስም ናይ ዓለት ወይ ናይ ዘርኢ ስም ዘይኰነስ ናይ ሓደ ኣውራጃ ብናይ ሎሚ ኣጸዋውዓ ክልል ዝበሃል ናይ ኢትዮጵያ ግዝኣታዊ ቦታ እዩ። ስለዚ ትግራዋይ እየ እንተደኣ ተባሂሉ ብኻልእ ኣዘራርባ ኢትዮጵያዊ እየ ማለት እዩ። እዚ ከኣ ንህዝብና ዝፈላሊ ኣበሃህላ ጥራሕ ዘይኰነስ ምስ ናይ ህግደፍ "ኣንድነታዊ" ፖለቲካ ዝተኣሳሰር'ውን እዩ።

2. **"ብርጌድ ንሓመዱ" ናትና ኣይኰነን ዝብሉ** - ነዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ኣተሓሳስባታት ንጻረር ኢና ዝብሉ ድማ ካልኦት ኣካል ተቓውሞ ኣለዉ። እዚኣቶም ኤርትራውነት ዝብል ዜግነት ንሳቶም ጥራሕ ዝዕድሉ መሲሎም እዮም ዝርኣዩ።

ሀ. እዞም ኣካላት እዚኣቶም ኣብ ግዜ ውግእ ሕድሕድ ኢትዮጵያ፣ ህግደፍ ንልዑላውነት ኤርትራ ዝከላኸል እዩ ኢሎም ዝኣምኑ እዮም። ኣብ ደምበ ተቓውሞ ካብ ነዊሕ ግዜ ዝጸንሑን ካልኦት ከኣ ናብ ደምበ ተቓውሞ በብግዜኡ ዝተጸንበሩ እዮም። ናይ ትምህርትን ተሞክሮን ዓቕሚ ኣለና ኢሎም ኑብሶም ዘቕርቡ ይርከብዎም። ገሊኦም ኣብ ኪዳን ዝብሃል ጥርናፈ፡ ድሒሩ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝተባህለ ጥርናፈ ከም ድልየቶም ዘጻያይቑ ዝነበሩን ኩሉ ዝጻያየቕዎ ድማ ናብ ካልእ ኢዶም ዘወጣውጡ ኣለዉዎም። ካልኦት ከኣ ገንዘብ ኣለና እሞ ንተቓውሞ ከነሰምሮ

ኢና ብዝብል ምኽኒት ሰሚናራት ዘዳልዉ መሲሎም ንተቓውሞ ዝያዳ ክፈላለ ዓቢ ተራ ዘለዎም፣ ወዘተ ንመደብ መሪሕነት ህግደፍ ዝድግፍ ሓሳባት ሒዞም ዝተበገሱ፥ ከም ህግደፍ ኣብ ወያነ ዓቢ ቅርሕንቲ ዘለዎም ክኾኑ ከለዉ፣ እቲ ዝገርም እሳያስ ምስ ሰተየ ንኤርትራ ናብ ዘይተርክብዋ ከስፍራ እየ ኢሉ ኢሎም ዝትርኹ ከይተረፈ ኣለዉዎም። ንምንቅስቓስ “ብርጌድ ንሓመዱ” ከኣ ብዘይስክፍታ ግብረ-ሸበራውያን እዮም ኢሎም የውርዩ። ብተወሳኺ ህግደፍ ኣብ ዘይምልከቶን ንህዝቢ ኤርትራ ዝድንስ እምበር ዘየርብሕ ሕድሕዳዊ ውግእ ኣብ ኢትዮጵያ ብምድጋፍ፣ እቲ ዝተገበረ ኢድ ምእታዊ ንሃገር ምክልኻል እዩ ዝብል ስም ኣጠሚቖም ምስ ሰራዊትና ኢና ዝብሉ ይርከብዎም።

ለ. ገሊኦም ከኣ ንዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ዝራገሙን ክኹንኑን ዝውዕሉ እዮም። 1. ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ዝኾነ ጽልዋ ዘይብሉ ናይ ኣግኣዝያን ምንቅስቓስ ዝበሃል ንቃወም ኢና ዝብሉ እዮም። ነዚ ምንቅስቓስ እዚ ዘይዓቐሙ ዓቢ ክብደት ክህብዎ ይፍትኑ። ግን ከኣ እዚ ድኹም ምንቅስቓስ እዚ ብልኡኻት ህግደፍ ዝተበገሰ ምኳኑ ክርድእዎ ኣይክኣሉን። ነዚ ከም ምንቅስቓስ ቈጺርካ ክሳብ ክንድዚ ምጥርጣር ዘተዓዛዝብ እዩ። 2. ካልኦት ከኣ “ትግራይ ትግርኚ” ዝብል መጺኡና ብማለት ከም ሓደ ዓቢ ተረኽቦ ዘቕርቡ እዮም። እዚ ሓሳብ እዚ ክልተ ትግርኛ ዝዛረቡ ብሓደ ኣብ ትሕቲ ኤርትራ ክጥርነፉ ብምሕላን ብእንግሊዛውያን ዝቐረበ ሓሳብ ኰይኑ፣ ግን ከኣ ትግራዎት ባዕላቶም ንሕና ኢትዮጵያውያን ኢና ብምባሎም ሽዑኡ ዝበርዓነ ናይ ቀደም ትረኻ እዩ። ኣብቲ እዋንቲ ብግስ ከይበለ ዝፈሸለ ምንቅስቓስ ከም ዓቢ ሚዛን ዘለዎ ብምርኣይ ከላዕልዎ ይርኣዩ። እንተኾነ ግን እቲ ዝሓየለ ዝነበረ ናይ “ናይ ኣንድነት” ዳግም ብእሳያስ ዝለዓል ዘሎ ሸለል ይብልዎ። እቲ ኣብዚ እዋንዚ ዝኸፍአ ንልዑላውነት ኤርትራ ዝጻረር ብጉጅለ እሳያስ ዝምራሕ ዘሎ ምኳኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ በሪሁ ኣሎ።

መ. ካልኦት ከኣ ኤርትራውነት ንሳቶም ጥራሕ ዝዕድሉ ይመስሉ፣ “ብርጌድ ንሓመዱ” ብካልኦት ዘይኤርትራውያን ዝድፋእ ዘሎ እዩ ብምባል ዘይናቱ ክህቡ ዝፍትኑ ኣለዉ። እዚኣቶም‘ውን እንተኾነ ይረድኣዮም ኣይረዳኣዮም ምስ ኣዕናዊ ወፈራ ጃንዳ ህግደፍ ይሰማምዑ ኣለዉ ጥራሕ ዘይኰነስ ኣጀንዳ ናይ ህግደፍ ናትና ኢሎም ሒዞም መጕልሒ ድምጺ ናይ ህግደፍ ናይ ጸልማት ፕሮፖጋንዳ ኰይኖም ከም ዘለዉ ክፈልጡ ይግባእ።

“ብርጌድ ንሓመዱ” ኤርትራዊ ተበግሶ ኰይኑ ጸረ’ቲ “ንኣንድነት” ከረጋግጽ ዝጽዕር ዘሎ ህግደፍ ምኳኑ መርሚርና ክንፈልጦ ይግብኣና። “ብርጌድ ንሓመዱ” ዝበሃል ምንቅስቓስ ኤርትራዊ ተበግሶ ኰይኑ ጸረ’ቲ “ኣንድነት” ከረጋግጽ ድቃስ ስኢኑ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ብዕቱብ ዝሰርሕ ዘሎ ምኳኑ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እዩ። ብኣውርኡ እዚ መንእሰያዊ ሓይሊ ዝዓብለሎ ምንቅስቓስ “ብርጌድ ንሓመዱ”፡ እቲ ንነዊሕ እዋን ትንሳኤ መንእሰያት ኤርትራ ክንርእየሉ ንትስፈዎ ዝነበርና ዓቢ ሃገራዊ ጸጋ፡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣብ እዋን ጕጅለ ህግደፍ ተወሊዱ ዝዓበየን ኣብ ቁራዕ ሕሰም ምሕደራ ዝተሃሰየን መንእሰይ ክሳብ ሎሚ ከመይ ኢሉ ኣጽቂጢ ኣሎ ብዝብል ይገርመና ነይሩ እዩ። ይኹን እምበር እዚ ሓይሊ መንእሰይ‘ዚ ከምዚ ኢሉ ምትንስኡ ወላ’ኳ ክመዓራረዩ ዝኽእሉ ንኡሳን ሕጽረታት እንተኣለዉዎ ብናይ ኩልና ተሳትፎን እጃምና ምብርካትን፣ ንቕሓትን ተሞክሮን መንእሰያት በሪኹ ናብ ዓቢ ሃገራዊ ለውጢ ክሰጋገር ዝኽእል ምንቅስቓስ እዩ።

# IV. *መደምደምታ*

ደምበ ተቓውሞ ክጥንቀቕሉ ዝግባእ ጕዳይ ኣሎ። ኣብዚ እዋን እዚ ንኤርትራ ይመርሕ ኣለኹ ዝብል መሪሕነት ህግደፍ፣ ንጹር ዕላማ ኣለዎ። ንሱ ከኣ ንኤርትራ ከም ሓንቲ ሃገር ምህናጽ ዘይኰነስ፣ ናይ “ኣንድነት” ኣተሓሳስባ ተኸቲሉ ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ክሕውሳ እዩ ዝጐዓዝ ዘሎ። ኩሉ ዘረባታት እሳያስ ብዛዕባ ቊጠባን መሳርሕታቱን፡ ከምኡ’ውን ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ ሕቶ ዶብ፡ ወዘተ ኣመልኪቱ ዝህቦም መግለጺታት ኩሎም ነዚ እዮም ዘረጋግጹ። ስለዚ ደምበ ተቓውሞ ፍልልያት ክህልዎ ንቡር እዩ። ፍልልይና ግን ንኣጀንዳ ህግደፍ ዝጐልብት ዘይኰነስ ዝስዕር ክኸውን ከም ዘለዎ ክንሰርሕ ይግብኣና በሃልቲ ኢና።

**ክብርና ክምለስ ሓቢርና ንቃለስ!!!**

***ፈጻሚ ኣካል - ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን (ውሓኤ)***